# ቅድሚ ንስቫልባርድ ምብጋስ ዝምልከቱ ሕግታት መርመራ ይፋኹሱ

ንመገሻ ስቫልቫርድ ዝምልከቱ ሕግታት መንግስቲ ተፋኺሱዖም ኣሎ። እቶም ምፍኳሳት ንቀወምቲ ተቐመጥቲ፡ ምሉእ ብምሉእ ኩቱባን ዝኾኑ፡ ኮቪድ-19 ዘሕለፉን ዝምልከት ኮይኑ ቅድሚ ንስቫልባርድ ንምጋሽ ምብጋሶም ክምርመሩ ኣይግደዱን ኢዮም። እዚ ለውጢ ሕጊ እዚ ነቶም ካብ ቀንዲ መሬት ሃገረ ኖርወይ ናብ ስቫልባርድ ዝገሹ ቀወምቲ ተቐማጦ ይኹኑ በጻሕቲ ንመገሻታቶም የቃልለሎም ኣሎ።

– እዞም ነተኣታትዎም ዘለና ሕድገታት ጠለብ መርመራ ቅድሚ ንስቫልባርድ ምብጋስ ዝብሉ ንመላእ ተቐመጥቲ እታ ደሴት ድንቂ ብስራት ኢዩ፡ ብፍላይ ድማ ንከባብያውያን ሰብ ዋኒንን ኣብ መገሻታት ዝዋፈሩ ዘብኦምን። ስርዓተመርመራ ንከብቅዕ ግና እዋኑ ጌና ኣይኣኸለን ኢዩ ዘሎ። ዓቕሚ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ስቫልባርድ ድሩት ኢዩ፡ ለብዒ ምስ ዝጋነንን ብዝሒ ብኩራት ምስ ዝኽሰትን ዝፈጥሮ ብድሆታት ካብ ቀንዲ መሬት ሃገረ ኖርወይ ንላዕሊ ክገድድ ይኽእል ኢዩ ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል።

ዓሚ ቀቅድሚ ልደት፡ ብሰሪ ጅር ኦሚክሮን፡ ኩሎም ንሳቫልባርድ ዝገሹ ቀቅድሚ ምብጋሶም ተመርሚሮም ኮሮና ከምዘይብሎም ዘርኢ ውጽኢት መርመራ ንከርእዩ ይጥለቡ ኔሮም። ሕጂ ግና፡ እቶም ቈወምቲ ተቐመጥቲ ስቫልባርድ ከም ምዃኖም ብሰነድ ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰባት ወይ እውን ወረቐት ምስክር ኮሮና ምሉእ ብምሉእ ክቱባን ከም ምዃኖም ከመስክሩ ዝኽእሉ ወይ እውን ኮቪድ-19 ከም ዘሕለፉ ቀቅድሚ ንስቫልባርድ ምብጋሶም ከምኡ ዓይነት ወረቐት ምስክር ከርእዩ ኣየድልዮምን ኢዩ። ኩሎም እቶም ንስቫልባርድ ዝኣትው ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መርመራ SARS-CoV-2 ምውሳድ ከምቲ ዝጸንሐ ክቕጽልዎ ኣለዎም።

ኣብዚ ሕጂ ነተኣታትዎ ዘለና ደረጃ ምፍኳሳት ስጉምቲታት ሕብረተሰብ ስቫልባርድ እውን ኣካል ናይቲ ምፍኳሳት ክትኾውን ብምኽኣሉ ብወገነይ ሕጉስቲ ኢየ። ማዕረ ማዕሪኡ ግና፡ ብዝሒ ለብዒ ኣብቲ ሕብረተሰብ እቲ ዛጊት ልዑል ኢዩ ዘሎ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ኩነታት ተዳልዎ ህጹጽነት ስቫልባርድ ተኣፋፊ ኢዩ። ስለዚ ድማ ክሳብ ዝኾነ ዝኾውን ገለ ካብቶም ኣብ ስቫልባርድ ዘለዉ ስጉምቲታት ከም ዘለዎም ንከነጽንሖም ግድን ኢዩ ብምባል ሚኒስተር ፍትሒን ተዳልዎን ኤሚልየ ኤንገር ሜል ብወገና ተጋናዝብ።

ተኣታትዮም ዘለው ሕድገታት ከምኒ ቀቅድሚ ምብጋስ ጠለብ መርመራ ኮሮና ንከይሕተት ዝብል ንምውሳን ገለ ካብቶም ብኣበርክቶ እማመታት ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ዝተመርኰሰ ኢዩ።

ዝተኣታቶ ዘሎ ለውጢ ሕጊ ካብ ዕለት 1 ለካቲት፡ ሰዓት 23.00 ኣብ ግብሪ ይውዕል።